# ጀነራልት ህ.ግ.ዲ.ፍ ከ ?

## መንእሰያት ኤርትራ ከ ?

" ህ.ግ.ዲ.ፋውያን ንጀነራላት ኢ.ትዮጵያ ይዛረብሎም ኣለዉ ? ንጀነራላትን መንእሰያት ኤርትራውያን ከ መን ይዛረበሎም ? "

እዚ ድሕር'ልኩም ትነብዎ ብዛዕባ ኤርትራውያን ስደተኛታት'ዩ። ብዕለት 21 መስከርም ናይ'ዚ ሕዝናዮ ዘሎና ወርሒ 2006፡ ኣብ መንጎ መንግስታት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ብዛዕባ ዘይሕጋውያን ስደተኛታትን፡ ብፍላይ ድማ ነቲ ኣስጋእን ሓደገኛን፡ ዝኾነ ጉዕዞ ባሕሪ ህጻናትን፡ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ፍታሕ ክርከበሉን፡ ንድሕነት ነዚ ነፍሳት ድማ ምክልኻል ክግበረሉ ተዛሪቦምሉ። ነዚ ጉዳይ ካብ ዝተጣበቓ ሃገራት ጣልያን፡ ማልታን፡ እስጳኛን እየን። ሓገዝ ከኣ ሓቲተን ኣለዋ።

እዘን ሃገራት ዘስገእን ዘሎ ጉዳይ ቅድሚ ሕጂ ዝተረኽበ ዘይኮነስ ገና፡ ብድሕሪ ሕጂ ንዝመጻ ማዕበል ዘይሕጋውያን ስደተኛታት'ዩ ክብሉ እቶም ሓልፍቲ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒተራት ገሊጾም።

1 ይ

ናይ ሱዳንን ኢ.ትዮጵያን ቁጽሪ ስደተኛታት ኤትራውያን ኣብ ግምት ከይኣተወ ኣብ ሊብያ ክሳብ 30,000 (ሰላሳ ሽሕ) ስደተኛታት፡ ብዝሒ ቁጽሪ ኤርትራውያን ዝርከብዎም ንጣልያንን ማልታን ዘንቐሉ ኣለዉ። እዚ እቲ ብዘይካ'ዚ ንስጳኛን ፖርትጓልን ዝጠፍእ ዘሎ ብዝሒ ስደተኛታት ወጻኢ'ዩ።

**Spain to airlift immigrants after deal with Malta**

*20/07/2006*

Two Spanish Air Force planes left for Malta Thursday to airlift 43 Eritrean migrants after Madrid and other nations agreed to provide them refuge, ending a diplomatic squabble on their fate, Spanish government sources said.

**Malta and Spain resolve dispute over stranded immigrants**

*19/07/2006*

Malta and Spain have reached agreement Wednesday over the fate of 51 Eritrean immigrants packed aboard a Spanish trawler. The immigrants are on their fifth day drifting at sea off the Maltese coast.

Foreign Minister Michael Frendo confirmed Wednesday night that a Spanish aircraft will arrive on the Mediterranean island during the night to take the majority of the immigrants.

እዚ ቁጽሪ ናይ ካልኦት ሃገራት ስደተኛታት'ውን ዝተሓወሶ'ኳ እንተኾነ ቁጽሪ ኤርትራውያን መንእሰያት ክብ ክብል ከም ዝኸእል ርጉጽ'ዩ።

ካቢኔ ሚኒስተራት ኤርትራ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ እንታይ'ሉ ክዛረብ ሰሚዕክምዎ ትፈልጡ ?

እወ ክዛረብ እንተኾይኑ ከም ዘይደቒ ሃገር፡ ይሙቱ ይጥፍኡ፡ ይተሃረሙ፡ ዘይ ከዲያም ዝኸዱ'ዩ ክብል ዝኽእል።

መንግስቲ ከኣ ፋሕቲሩ ፋሓቲሩ ምስ ገገለ ኤርትራውያን ዝተዓቁብዎ ሃገራት ዝምድና እንተገበረ፡ ንኤርትራውይን ምለስዎም'ዩ ክብል ዝኽእል'ምበር፡ ብዛዓብ ኣገዳሲ ሃለዋቶም ኩነታቶም ክሓትት ድልዉ ኣይኮነ። ዝሓተሎም ዘቓባጥረሎምን ነቶም ሰብ ዶላራት፡ ኣብ ጥጡሕ ናባራ ዘለዉ ሰዓብቱ ጥራሕ እዩ።

እዚ ብሰንኪ ኣቲ ምልካዊ ምምሕዳር ህ.ግ.ዲ.ፍ ካብ በይቱ ዝተባረረ ኤርትራዊ፡ ብዛዕባ'ቲ ደሃዩ ተፈሊጡ፡ ደሃዩ ዝተሰምዐ ጥራሕ ንዛረብ ዘሎና፡ ደሃዮም ዘይተረኽቡ፡ ዝኣተውዎ ዘየትፈልጡ ኣለዉ።

2ይ

ኣረጋውያን ሽማግለታት፡ ዝሃደሙ ደቖኹም ከተምጽእዎም ኣለኩም ተባሂሎም፡ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዝኸነ ገንዘብ ክኸፍሉ ክቕጽዑን፡ እንተዝየለቦ ድማ ክእሰሩ ተባሂሉ ክንደይ ኣቦታትን ኣደታትን ክግፋዓ ከም ዝጸንሐ መን ይኸሕድ፡ ክንደይ ብእግሮም ክኸዱ ዘይክእሉ ኣረጋውያን ተጸይሮም ካብ በይቶም ናብ'ቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝመደቦ ናይ መጽንሒ ቦታ ብሓጹር ዝተኻበብ ናይ እንስሳ ( ዛሬባ) ኣብ ቁርን ጸሓይን ንፋስን ከሳቕዮም ዝጸንሐ ናይ ትማሊ ዘረባ እዩ።

3ይ

መንእሰያት ኣብ ኤርትራ  ካብ ዘጓንፎም ዘሎ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ካብ ትምህርቶም ቦኾሮም ኣብ ገዛ ቤት ሰቦምን ኣዝማዶምን ተሓቢኦም ይሕልፍዎ ኣለዉ። እዚ ከኣ ካብ'ቲ ኣስገዳድ ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ንስለ ዝተቃወሙ'ዩ። እዚ ሓቂ እዩ። ካልእ ኣብየ ጎደናታትን፡ ቤት ሻሂን ካልእ ናይ መዕለሊ ቦታታት፡ ኣብ ገዝኦም ከይተረፈ ወግሐ ጸብሐ ናይ መንቀሳቐሲ ፍቃድ ዝሕተትሉ ዘለዉ ሃገር ኣብ ዓለም ካብ ዝርከባ ኤርትራ ዓባይቲ ማእሰርቲ ኮይና ኣብ ትርከበሉ ኩነታት በጺሓ ኣላ።

4ይ

ኣብ ኤርትራ ድኽነትን ጥምየትን ዕርቃንን፡ ሕማምን ካል ተመሳሳሊ ናይ ድሕረት ተግባራት እንዳተጋነነ ይኸይድ ምህላው፡ ብፍላይ እቶም ኣብኡ በጺሖም ዝምለሱ ገሊጾም ክውዳዎ ኣይክእሉን። ንኩሉ ድማ ትንክፍ ትንክፍ ኣቢሎም ክሓልፉ ይግደዱ።

5ይ

ምንቅሳቓስ ዜጋታት ኣብ ኤርትራ ነጻ ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ ቅሩብ እዋን ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ንወድብን ከባቢ ባጽዕ ንኸይወርድ ተኸልኪሉ ጸኒሑ'ዩ። ሰብ ብፍቃድን ብሕርያን ኸከይድ ከም ዝጸንሐ መን ይኸሕድ ? እዚ ካብ 'ቲ ሓደ ጠንቒ ዘይርጉእ ኩነታት ኣብ ኤርትራ ዘሎ'ዩ። ብኸመይ መለክዒ ደኣ ኣኼባ ካቢኔ ሚንስተራት ኤርትራ ነዚ ጉዳይ ጎስዩ ዝሓልፍ። ሰላም ሰላም'ዩ። ስለ'ዚ ኩሉ ወዲ ሃገር ኣብ'ቲ ሓደ ስሩዕን ቀጥዒ ዘለዎ ዝገብሮ ምንቅስቓን ንጥፈታትን ብሓላፍነቱ ዝፍጽሞ ክግታእ የብሉን፡ ኣብ ትሕቲ ሓያል ምልካዊ ቀይዲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ከም'ዚ ግበር፡ በዚ ኪድ፡ በዚ ኣይትእቶ፡ እንዳበልካ ሰላምን ውሕስነት ጸጥታ ሃገርን ህዝብን ዘርኢ ኣይኮነን።

6ይ

ኣብ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈታት፡ ዜጋታት ብሓላፍቲ ይጋፍዑን መሰሎም ዝተገፋ ዝዕልሉን ዛረቡን፡ ካብ ዓሰርታት ኣሽሓት ሰሚዕኹም ኢኹም። ኣነ ሰሚዔ፡ ገገለ በቲ ይሃሉ ኣይሃሉ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጽእ ርኣዩለን ስምዑለን ምልክታት፡ ካልእ ከኣ፡ ብውልቀ ሰባት ካብ ቃሎም ዝሰማዕክዎ ግፍዕታት'ዩ። ኣብ ቤት ጽሕፈታት ንዝሳለጥ ጉዳያት ንዝምልከቶን ዘይምልከቶን 2% ዝብል ዘረባ ውሩይ'ዩ። ገገለ ካብ'ቲ ዝስማዕ፡ ሓንቲ ትካል ትውንን ኣደ ናይ ንግዲ ፍቃድ ክትሕድስ ምስ ከደት፡ እቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ደቓ 2% ኣማሊኦም ኣየማልኡን ቅድም መረጋገጺ ኣምጽኢ። ክሳብ መረጋገጺ ተምጽኢ ኣይሕደን'ዩ ከም ዝበልዋ።

ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ ንሃገር ክበጽሕ ምስ ከደ፡ ንሓደ ሓደ ጉዳያት ዘድለዮ ገንዘብ፡ በቲ ኣብ ኤርትራ ብዶላር ዘቐመጠ ሕሳብ ፡ ንባንኪ ብዶላር ክህብዎ ሓቲቱ፡ ባንክ ድማ ወይ ብናቕፋ ትወስዶ ወይ ተጸበ ክብሉ ክሳብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኡ ዝውዳእ ኮለል ኣቢሎሞ። ከይሰለጦን ጉዳዩ ከይተፈትሐ ናብ'ቲ ንዝብረሉ ሃገር ተመሊሱ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ንህዝቢ ዕንጨይቲ ስለ ዘይዕደልን ዘይቁረን ንቡር መጎጎ ዳርጋ እንዳጠፍአ ክየዱ። እቲ ሓደሽቲ ብሓይሊ ኤለትሪክ ዝሰርሕ መጎጎ'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ኤርትራ ኩሉ ምጎጎ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። እንተሃለዎ ከኣ ብሰንኪ ሕጸረት ኤለትሪክ ቅጫ ንቁርሲ ዝኸውን ክስንከት ኣይከኣልን። ስለ'ዚ እተን ኣብ ሓደ ሓደ ቤት ዕዮታት ዝስንከታ ባኒ ክትቀዳደመለን ስለ ዘሎካ ህዝቢ ለይቲ ወይ ወጋሕታ ካብ ድቃሱ ተሲኡ ባኒ ክደሊ ፈቆዶ ዱኳናት ይኸይድ።

እዚ እቲ ኣብ ኤርትራ ብዝተሓተ ደረጃ ክሰርሕ ክኽእል ዝነበሮ ጉዳይ ከልዕሎ እንከለኹ፡ ሓደ ንምስክር፡ ካልእይ ድማ እቲ ንኣሽቱ ነገራት ኣብ መዓልታዊ ሂወት ደቂ ሰባት ዘየተማልአ እቲ ካልእ መቀጸልታኡ ዝኾነ ብኽመይ'ዩ ተሰሪሑን ተፈጢሩን ዝበሃል ኣብ ሓቂ ዝተመርኰሰ ሞጎት ንምቕራብ'ዩ።

ላዕለትዎት ሓልፍትን ኣማሓደርትን፡ እቲ ሓደ ካብ መንግስቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝወሃቦም መምርሒ፡ ነዚ ህዝቢ ብበትሪ በልዎ'ዩ ዝብል። ካልእ ንፍትሕን ዕርቕን ሰላምዊ ኣገባብ የልቦን። ሰላም እንገይሩ ድማ ሃቡና፡ ግበሩልና፡ ኣበይ ደኣ ኣሎ ዝብል ሕቶ ከስዕብ ምኽኣ ንስለ ዝፈልጥዎ ብእዋኑ ብበትሪ ይምልሱልን፡ ንህዝቢ የርሕቅዎን ክስደድ ይግድድዎን።

ኣነ ኣብ ትሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣይነብርን'የ ንዝበለ ክሃድም እንተተረኺቡ ብጥይት ክህረም ተኣዊጁ'ዩ። ሓደ ሰብ ብነጻ ፍቃዱ'ዩ ዝነብር። ነዚ ነጻ ፍቃድ ዘይኽብር ስርዓት ካብ ስልጣኑ ክወርዱ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ህዝቢ ናይ ዝነብረሉ ከባቢ ብዝተፈላየ መንገዲ ክቕይሮ ግዱድ'ዩ። ወይ ተቃሊሱ ነቲ ስርዓት የልግሶ፡ ወይ እቲ ዜጋ ካብ'ቲ ሃገር የልግስ፡ እዚ ድማ ኣብ ዓለምና ክረአ ዝጸንሐ ተርእዮ'ዩ። ንህ.ግ.ዲ.ፍ መርዘን'ዩ።

መደምደምታ

ጀነራላትና ኣብ ማሰርቲ ይሓቑ ኣለዉ፡ ሚኒተራትና ኣብ ማሰርቲ ይሓቁ ኣለዉ፡ ጋጤኛታትና ኣብ ማሰርቲ ይሓቁ ኣለዉ። ፖለቲካውያን እሱራት ኣብ ማእሰርቲ ይሓቑ ኣለዉ፡ ኤምባሲታት ኣብ ስደት ኣለዉ፡ መንእሰያት ይስደዱ ኣለዉ። ሓቂ ወይስ ሓሶት ? ሓሶት እንተበልካ እታ ንዛረበላ ዘለና ኤርትራ ክልተ ኮይና ማለት

እዩ። <u>እታ ቅስንትን፡ ሰላምዊትን፡ ርግእትን፡ ስልጥንት ኤርትራን፡ እታ ህዝባ ዝግፋዕ ዘሎ፡ ዝስደድ ዘሎ፡ ዝእሰር ዘሎ፡ ክሳብ 20 ዙርያ ወታሃደራት ዘሰልጠነት ኤርትራ ክልተ ኤርትራ'የን ከም ማለት'ዩ።</u>

ህዝቢ ኣብ ኤርትራ ብዓይኑ ዝርእዮ ዘሎ ክውነንታ ናብራ፡ እቲ ካቢኔ ሚኒስተራ ዝብሎ ዘሎ ድዩስ ወይ ኣቶም፡ ኣህዋትኩም ኣሓትኩም ብዝተፈላልየ መልክዕ ንዘጓንፎም ዘሎ ጸገማት ጠንቂ ዝኾነ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ግዳያት ናይ ዝኾኑ ዜጋታት እዩ።

ካቢኔ ሚኒስተራት ዝብሎ ዘሎ ሰላም፡ ድዩ ወይ ኣብ ኤርትራ ዝህደን ዘሎ መንእሰይ፡ ንዕስክርና ዝግደድ፡ ንሾናት ዝቀራረብን ዝመሃርን ዘሎ መንእሰይ፡ ፈተና ዘይሓለፈ ንቤቱ ከይምለስ ኣብ ርእስኡ ኣዋጅ ዝተኣወጀሉ መንእሰይ ሳዋን፡

ካቢኔ ሚንተራት ዝብሎ ዘሎ ምጣነ ሃብታዊ ዕብየት ሓቂ ድዩ፡ ወይ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስእነት ስራሕ፡ ድኽነት፡ ስእነት መድሃኒት፡ ወ.ዘተ.

ካቢኔ ሚንተራት ዝብሎ ዘሎ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ኣበይ ኣሎ። ካልእስ ይትረፍ <u>ብመጠኑ</u> ኩሉ ክዛረብ ይኽእል፡ ኩሉ ስራሕ ሓቲቱ ክሰርሕ ይኽእል፡ ኩሉ ክገይሽ ይኽእል፡ ኩሉ ገንዘብ ኣለዎ፡ ኩሉ ገዛ ክሰርሕ ይኽእል፡ ኩሉ ክነግድ ይኽእል፡ ኣቦ ወይ ኣደ ምስ ደቆም ቀሲኖም ይዕልሉ ዶ ? ብቕሳነት ናብርኦም ዝመርሑ ማለት ከይዕስከር ከይግፈፍ ከይበሉ ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ስድራ ቤት ኣለዉ ዶ ? መልሱ የለዉን፡ እሞ ኣቲ ሓቂ ኣበየ ከም ዘሎ ንምርካቡ ዘጸግም ኣይኮነን።

እቲ ሓቂ ኣበይ'ዩ ዘሎ። እቲ ካቢኔ ሚኒተራት ዝብሎ ዘሎ ድዩስ፡ ወይ ህዝቢ ኤርትራ ወሪድዎ ዘሎ ዓመጽ፡ ግፍዒ፡ ሕሰም ናብራ'ዩ እቲ ሓቂ።

ብርእይቶን ተምክሮይን ዕግበተይን፡ እቲ ሓቂ ኣብ'ቲ ወጽዓ፡ ሕሰም፡ ዘይፍትሓዊ ማሕበራዊ ናብራ ኣብ ህዝቢ ዝረአን ዝፍጸምን ዘሎ'ዩ እቲ ሓቂ፡ ካቢኔት ሚኒስተራት ዝብሎ ዘሎ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ'ዩ እብል።

ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ መንእሰይን ምሁራትን፡ ነዚ ኣብ ህዝብና ወሪዱ ዘሎ ኣደራዕ ዘይምዕሩይ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምውጋድ፡ ነቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እንዳኸፍአ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ሓይሉ ኣወሃሂዱ ብስሩዕ ፖለቲካዊ ቃልሲ መሰሉ ክሓትትን፡ መሰል ህዝቡን ክብሪ ሃገሩን ክመልስ ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራ ኤርትራ ካብ ዝጅምር፡ ካብ'ዚ ናይ ትማሊ 4 መስክረም ዝተዘርበ ዘረባ ወጻኢ ኣርእስቲ ተዘሪቡ ኣይፈልጥን'ዩ ።

ስለ'ዚ እቲ ትጽቢት፡ ትጽቢት ለውጥን ተስፋን ስለ ዝኾነ ነዚ ጽሑፍ ዘነበበ ዜጋ፡ ጽሑፈይ ርኡ ዘይኮነስ፡ ጸገም ህዝቡን ወገኑን ሃገሩን ርኡ ሓፍላነቱ ክስክመ፡ ዕቱብን ስሩዕን ቃልሲ ከካይድ መድረኽ ይጽውዖ ኣሎ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ፍትሒ ይንገስ
ዓወት ንተቃላሳይ ህዝቢ ኤርትራ
ክንዕወት'ና

22 መስከረም 2006
**ኣንቶንዮ ተስፋይ**